# ሓበሬታ ብዛዕባ ክታበት ኮቪድ 19 ምውሳድ

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ሻፋውዛውያን

**ክታበት ውሰዱ ኢኹም!**
**ነብስኹምን ስድራቤትኩምን ካብ ከቢድ ሕማም ተኸላኸሉ ኢኹም።**

ለብዒ ኮሮና ኣብ ስዊዘርላንድ ብሰፊሕ ኣስፋሕፊሑ ይርከብ፣ ከምኡውን ብዙሓት ሰባት ሓሚሞም ኣለዉ፣ ገሊኦም ድማ ብፍላይ ከቢድ ሓሚሞም ይርከቡ። ጹቡቅ ኣጋጣሚ ኮይኑ ድማ ካብዚ ሕማም ክከላኸለልና ዝኽእል ክታበት ኣሎ።

ነተን ክልተ መርፍእ ናይ ክታበት ንምውሳድ፣ ኣብ መንጎ ናይ ኣርባዕተ ሰሙን ፍልልይ ክህሉ ኣለዎ። ነዚ ብምግባር ጽቡቅ መከላኸሊ ኣንጻር ናይቲ ዘጨንቅ ደልታ ዝብሃል ዓይነት ኮሮና (Delta-Variante) ውን ይሕግዘና።

ነቲ ዝውሃብ ክታበት ነብስና ጽቡቅ ክጻወሮ ዝኽእል እዩ። ክረአ ዝኽእ ጎናዊ ሳዕቤናት ከም (ቃንዛ ናይ መርፍእ፣ ቃንዛ ናይ ርእሲ፣ ረስኒ) ሙብዛሕትኡ ግዜ ፈኲስን ንሓጺር ግዜን ክጸንሑ ዝኽእሉ እዮም። እተን ጎናዊ ሳዕቤናት ናይ ክታበት ሙብዛሕትኡ እዋን ምስ ሕማም ኮሮና ከተወዳድሮም ከለና ኣዝዩ ፈኲስ እዩ። ከቢድን ንነውሕ ግዜ ዝጸንሑ ሳዕቤናትን ድሒሮም ዝመጹ ሳዕቤናትን ቅድሚ ሕጂ ኣይተራእየን ትጽቢት እውን ኣይተገብረሎምን እዩ።

ኣብ መወዳእታኡ ነቲ ለብዒ ሰጊርና ናብ ንቡር ህይወት ክንምለስ ንደሊ ኢና ። ከምዚ ንክኸውን ክታበት ክንወስድ ኣለና።

ክታበት ምውሳድ ብነጻ እዩ።
ናይ ክታበት ምስክር ወረቀት ብምሓዝ፣ ናብ ካልኦት ሃገራት ንኽትገሹ ይቀለኩም ከምኡውን ናብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ንኽትሳተፉ ድማ የኽእለኩም።

ኣብ ማእከል ክታበት ሻሎተንፈልስ Charlottenfels ክንቅበለኩም ኣዚና ሕጉሳት ኢና። ነቲ ክታበት ንኽትወስዱ ኣዝዩ ቀሊልን ዘይተሓላለኸን እዩ፣ ብምዝገባ ይኹን ብዘይ ምዝገባ።

ምስ ስናይ ሰላምታ

ማሕበር ኮቪድ-19

**ብኸመይ ክታበት ክወስድ ይኽእል፧**
*ብዝተኻእለኩም መጠን መንበሪ ወረቀን ናይ ሕክምና ካርድን ሒዝኪም ምጹ።*

ክታበት ብዘይ ምዝገባ:
ኣብዘን ተጠቂሰን ዘለዋ መዓልታት ኣብ ማእከል ክታበት ክትመጹ ትኽእሉ (Walk-in):
- ሰኑይ ካብ ሰዓት 17 ክሳብ 20
- ሰሉስ ካብ ሰዓት 17 ክሳብ 20
- ዓርቢ ካብ ሰዓት 14 ክሳብ 20
- ቀዳም ካብ ሰዓት 9 ክሳብ 13

ምዝገባ ብቁጽሪ ስልኪ **052 632 65 57**

<u>ኦንላይን ክትምዝገቡ ምስ እትደሉዩ፣ ዝጥዕመኩም መዓልቲ ባዕልኹም መሪጽኩም ትምዝገቡ:</u>

ኣብ ትሕቲ www.sh.ch/corona ብምእታው፣ ግዜን መዓልትን ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ክታበት ትወስዱሉ፣ ባዕልኹም መሪጽኩም ቆጸራ ክትሕዙ ትኽእሉ።

ወላውን ክታበት ብምውሳድ ካብ ሕማም ኮሮና እንተተኸላኸለልና፣ ኣገዳሲ እቲ ቅድሚ ሕጂ ዝተዋህበና ናይ ጽርየትን ናይ ርሕቀት ምሕላው ሕገን ክንቅጽሎ ኣለና።